# ዕውት ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ፍሹል ፌስቲቫል ህግደፍ ።

ብዓርቢ ዕለት 19 ጥቅምቲ 2007 ዓ.ም ኣብ ከተማ ሎንዶን "ስሙር ተቓውሞ ኣንጻር ጃንዳ ህግደፍ" ኣብ ትሕቲ ዝብል መርሆ ዕውት ሰላማዊ ሰልፊ ተኻይዱ ።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ካብ ሰዓት 8፡00 ክሳብ ሰዓት 12፡ 00 ናይ ለይቲ ዝተኻየደ ዕውት ሰላማዊ ሰልፊ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ናይ ተቓውሞ ውድባትን ኣባላት ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕትን ከምኡ'ውን ብጉዳይ ሃገሮም ዝግደሱ ውልቀ ዜጋታትን ዓበይቲ ወለድን ከምዝተሳተፉ ክጥቀስ ይከኣል ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ውዕሎ ከመዮ "ኣሕዋት ምስ ዝሓብሩ ጸላእቲ የባርሩ" ዝብል ሓቐኛ ብሂል ወለድና ዝተርኣየሉ ምሸት ምምባሩን ኩሉ ተሳታፊ መን ካበይ ብዘየገድስ ብፍቕርን ስኒትን ተኣሳሲሩ ህልው ኩነታት ወጽዓ ህዝብናን ኣሰካፊ ጉዕዞ ሃገርናን ከቃልሕ ኣምስዩ ። እቲ ዘገርም ነገር ግን ናብቲ ብቕንያቱ ኣብ ፌቐድኡ ከዋዓውዕዎ ዝቐነዩ ፌስቲቫሎምን ብዙሕ ወጻኢታት ዝገብረሉ The Rex Stratford ዝተባህለ ኣዳራሽ ጸጸኒሖም በብሓደ ጥርጥር እናበሉ ዝኣትውን ንሳቶም'ውን እቶም ፍሉጣት ወይጦታቶም እንተዘይኮይኑ ካልእ ክንርኢ ዘይምኽኣልና ኢዩ ። ካብኡ ተበጊሱ ካኣዩ ሓደ ተዋዛያይ ካብ ሰልፈኛታት ኣንታ እዚ ኩሉ ተዳሊና መጺእናስ ፍሽለት ፌስቲቫል ህግደፍስ ንዓና'ውን እምበር ለኩሙና ዝበለ ።

ብዝኾነ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ምሸት ሰልፈኛታት ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ማለት ብትግርኛን ዓረብን እንግሊዝኛን ዝተጻሕፉ ጭርሖታቶም ጸይሮም ተቓውምኦም ክገልጹ ኣምስዮም ። ምስዚ ብዝተኣሳሰር ብወይዘሮ ኤልሳ ጭሩም ዝተዳለወ ናይ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግደፍ ብግፍዒ ዝተቐትሉን ዝሳቐዩን ዘለው ሰበ - ስልጣናት ነበርን ጋዜጠኛታትን ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖታትን ፍትሒ ንኽረኽቡ ዝጽውዕ ምስ ስእሎም ዝተሰነየ ብምቕራብ ነቶም ዝርካቦም ናብቲ ናይ ጥፍኣት ኣዳራሽ ዝኣትው ዝነበሩ ክዕደል ኣምስዩ ። ነዚ ዝቐረበ ኣብ ኢድ ዝዕደል ጽሑፍ ከምቲ ቐደም ብዕሱባት ህግደፍ ጸርፍን ምፍርራሕን ተሪፉ ዳርጋ ኩሉ ብሰላም ተተቐቢሉ ሒዝዎ ናብቲ ኣዳራሽ ክኣቱ ከምዘምሰየ ተዓዚብና ። ከምዚ ኢሉ ከሎ ግን ገለ ውሑዳት ወይጦታት ክጽይቑን ክጸረፉን'ውን ፈቲኖም ነይሮም ንሳቶም ከኣ መታን ኩሉ ደላዪ ፍትሒ ክፈልጦምን ክከታተሎምን ኣስማቶምን ምስሎምን እዞም ዝስዕቡ ኢዮም ፡ -

1. ሰሰን ስዩም ዝተባህለ ኣብ ዓዲ - እንግሊዝ ዑቑባ ሓቲቱ ንዓመታት ዘይተቐበልዎ ኮይኑ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ'ውን እንተኾነ ንሱ ይኹን ሓደ ካብ ኣባላት ስድራ - ቤቱ ኢዱ ዘይሓወሰን ሕጂ'ውን ኩሎም ስድርኡ ኣብ ዕቑብ ቦታ ሃገረ ኣሜሪካ ስለ ዝቕመጡ ብናይ ስድርኡ ምኽንያት ብናይ ኣሜሪካ ግሪን ካርድ ዝነብር ዘሎ ሰብ ኢዩ ። እምብኣር እዚ ዝተጠቕሰ ሰብ ብሕጽር ዝበለ እዚ ኮይኑ ታሪኹ ተግባራቱ ክኣ እዚ ናይ ትማሊ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ዝግበር ንወጽዓ ህዝብና ዝገልጽ ሰላማዊ ሰልፍታት ብቐጻሊ ክዕንቅፍ ዝጸንሐ ባእታ ኢዩ ።






ሰሰን ስዩም　　　　　　　　　　ተስፋኣለም

2. ተስፋኣለም ንግዜኡ ስም ኣቡኡ ዘይተፈልጠ ። እዚ ሰብ'ዚ ብቐንዱ ወዲ ሓፍቱ ንሜጀር ጀነራል ፍሊጶስ ወልደየውሃንስ ኮይኑ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብህግደፍ ዝጥወ ማሕበር መንእሰይ ኣባል ነይሩ እንተኾነ ምስቲ ልኹፍ ጠባዩን መንደልሓቒ ባህርያቱን ምስራሕ ከሊኡና ኢሎም ዝሰጎግዎ ኢዩ ። ይኹን'ምበር ሕጂ'ውን ዋላ ከርሕቕዎ እንተደለዩ ስልጣን ኣኩኡ ንኽሕሉ ወግሓ ጸብሐ ይቀበልዎ ኣይቀበልዎ ኣብ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ዘረባ ከባጻጽሕ ዝውዕል ኢዩ ።





ተስፋኣለም ሓልላዊ ስልጣን
ኣኩኡ ሜ/ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮሃንስ　　　　ዮርዳኖስ ክፍለ (CNN)

3. ዮርዳኖስ ክፍለ (CNN) እዛ ሰብ እዚኣ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከባቢ ትሽዓተ ዓመት ዝገበረት ኮይና ብሓሶትን ምጥቓስን ስለ እትፍለጥ ኢያ ዮርዳኖስ (CNN) ተባሂላ እትጽዋዕ ። ንሕና'ኳ ኣብ ክንዲ (CNN) ድምጺ ሓፋሽ ምበልናያ ምክንያቱ ሓሳዊትን መጣቓሲትን ድምጺ ሓፋሽ ስለዝኾነት ። ብዝኾነ ንሳ ጥራሕ ዘይኮነ ከም ካብ ሓደ

ሩባ ዝተቐድሑ ሰብኣያ’ውን ቢንያም ንጉሰ ዝተባህለ ኮይኑ ክልቲኦም በብእብረ ሕሙም ቆልዓ ገዲፎም ተባህለን ተዘርበን እናበሉ መንገዲ ኪሎሜተራት ተጓዒዞም ኣብ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ዘረባ ከገማድሑ ዝውዕሉ ኢዩም ።

ስለዚ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሰባትን ካልኦትን ብመንገድና ኣብ ዓዲ ሕጊ ምህላዎም ጽቡቕ ጌርና ከነፍልጦም ምኻና ነዘኻኽሮም ። በዚ ኣጋጣሚ ክኣ ኩልኻ ኤርትራዊ ነባሪ ኣብ ዓባይ - ብሪጣንያ መንነት ናይዞም ሰባት ኣመት ሂብና ስለ ዘለና ክትጥንቀቐሎምን ከተስተብህለሎምን እናተሓሳሰብና ከምኡ’ውን ብሕጋዊ መንገዲ ከነረኻኽበሎም ንደሊ ስለዘለና ብዛዕባ’ዞም ሰባት ዝምልከት ካልእ ተወሳኺ ጭብጢ እፈልጠሎም’የ ዝብል እንተሎ በዚ ዝስዕብ ኢመይል info@ehdr.org.uk ክትሓባበረና ንጽውዕ ።

ኣብ መደምደምታ ነዚ ዕውት መደብ ግብራዊ ንኽኸውን ተሳትፍኦም ዘዕዘዙ ኣካላት እዞም ዝስዕቡ ኢዩም ፦

1. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
2. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ
3. ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ (E.P.M)
4. ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
5. ኤርትራዊ ፌደራላዊ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ (ፌደራሊያ)
6. ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ (E.D.P)
7. ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ
8. ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ (ሳግም)
9. ኤርትራዊ እስላማዊ ሰልፊ ንልምዓትን ፍትሕን
10. ኤርትራዊ ፌደራላዊ ደሞክራሲያዊ ምንቕስቓስ ዓፋር
11. ኤርትራውያን ንሰብኣዊን ደሞክራስያዊን መሰላት ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ ፣
12. ሓልዮት ንሰብኣዊ መሰላት ከምኡ’ውን ካልኦት ብጉዳይ ሃገሮም ዝግደሱ ዜጋታት እንተላይ ክቡር ኣቦና ኣቶ ሃብተማርያም ኣብርሃን ኢዮም ነይሮም።

ድሕነት ሃገርና ብሓድነትና !
ኣዳላዊት ኮሚተ
ሎንዶን ዓባይ ብሪጣንያ
21 ጥቅምቲ 2007